## ሓለፍቲ ክፍሊ ውሽጣዊ ጕዳያት ሰ..ዲ.ህ.ኤ
## ኣብ ሽረን ከባኢኡን ምስ ዝርከቡ ኣባላት ኣኼባ ኣካይዶም

ክፍሊ ዜናን ባህልን
ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ
26 ጥሪ 2010

ኣቶ ዑስማን መሓመድ ሓላፊ ክፍሊ ውሽጣዊ ጉዳያትን ኣቶ መሓመድ ዓሊ ኢብራሂም ናይቲ ቤት ጽሕፈት ምክትል ሓላፍን ኣብ 23ን 24ን ጥሪ 2010 ምስ'ቶም ኣብ ሽረን ከባቢኡን ዝርከቡ ኣባላት ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ ኣኼባ ኣካይዶም። ኣብ'ቲ ኣኼባ፡ ምጽንባራዊ ዋዕላ ዘሰላሰሎም ስርሓትን ዘሕለፎም ፖለቲካዊ ውሳኔታትን ብዝርዝር ተገሊጾም።

ምስዚ ብምትሕሓዝ፡ ኣብዚ ህዝብናን ሃገርናን ኣብ ትሕቲ ጨቋኒ ስርዓት ህግደፍ ዘሕልፍዎ ዘለዉ ሕማቕ ሃለዋት ዝተረጋገጸ ሓድነት ናይ ኣርባዕተ ውድባት፡ ንህዝብና ዓብዪ ተስፋን ፍናን ኰይንዎ ከምዘሎ ሓቢሮም። እዚ ተስፋን ፍናንን'ዚ ተግባራዊ ውጽኢት ንኸህልዎ ድማ፡ ካብ ኩሉ ደላይ ለውጢ ኤርትራዊ ብሓፈሻ፣ ካብ ኣባላት ሰልፊ ድማ ብፍላይ፡ ኣገዳሲ ናይ ቃልሲ ኣስተዋጽኦ ክግበር ከምዝጥለብ ኣብሪሆም። ኣብ ርእስ'ዚ፡ ምሕያል ናይ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ ሓደ ካብ መጻኢ ዕማማት ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ ምዃኑ ውን ጠቒሶም።

ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ነቶም ብተሳተፍቲ ኣኼባ ዝቐረቡሎም ሓያሎይ ንሃገርን ንሰልፍን ዝምልከቱ  ሕቶታት መልስታት ሂቦም።